# ኣንበልብሊ

እታ ባንዴራ
ድሙቕ ዝሕብራ
ሳላ ህዝባ ዘይትፈልጥ ሓፈራ
እንሆ’ንዶ ተንበልብል ከቢራ
ኣብ ዓለም ከም ዓለማ

ከምቲ ማዕብል ባሕሪ
ዝዘልል ብናህሪ
ዘይትደንን ጽሓይ ኮይኑ ቁሪ
እታ ህዝባ ከለዋ
ንስልኣ ዝብጀ ወትሩ ዝሕሉዋ
ኣለኹ ዝብል ዘሻድን
ኣብ ውዕይ ዝሑል ዝሓንን
ከምድሌታ ትኹን
ወይልኡ ትንዕ ዝብላ
ብጀካና መን ዳኛ’ለዋ

ሕልፍ’ንድየ ዝብል ንኽሪኣ
ሓደርኪ-መዓልኪ መታን ክብላ
እቲ ሕብራ መመሊሱ ይደምቀኒ
ሕልፉ መጻኢኡ ኩሉ ቅጀለኒ
እቲ ነዊሕ ጉዕዞ ንዓኣ ክንደሊ
‘ቲ ርዝነት ዋጋኣ ኩሉ ይዝከረኒ

ስለዚ
ንዓይሲ ምቾእቲ’ያ ዘላ
መታን ወትሩ ሕልፍ ክብል ክሰግደላ
ፍስህ እብል ሰላምታ ይወቕዓላ
ኣብቲ ጎደና ኣንበሳ ኣንቃዕሪረ ክጥምታ
ስለ ዘይኮነለይ ከይረኣኽዋ
እቲ ሕልናይ መኣስ ይዓርፈለይ
‘ቶም ሓሳዳት ጸልማት ተኸዲኖም ከይተምህዋ
ስለዚየ ሕልፍ ዝብል ንኾለላ
ሕድሪ’ንድዩ ዘሎኒ ለበዋ
ግድን’ዩ ኣጽኒዐ ክሕልዋ፣ወይልኡ ዝትንክያ

መለኮተ-መንፈሱ’ያ ሕድሪ ንእስነቱ
ኣብቲ ሕብራ’ሎ ኩሉ ምስጢራቱ
ትርጉመ-ርዝነቱ ኣብ ኣእምሮይ ተሰሪቱ
ማራ ይምስጠኒ ብታሕጓስ ይስራስር
ትርግታ ልበይ ይንህር
ፍሽኽ እናበልኩ
ኣንበልብሊ እብላ
መን’ዩ ጽንጽያ ዓይና ዘንፍረላ
ዓው ኢለ ይጭድር!
ንሳ ድማ በል-በል-በል ትብል
ትቖጻጸ ብቑሊ-ጣፍ ሰናይ-ዘመን ክትመስል

መመሊሳ’ኮ ተኾሊዓ
እናሓደረ ዝደምቕ ‘ትሕብራ
ኣንታ ክንደይ ይሕይል ‘ትፍኽራ
ኣብ ልበይ ተወሪቓ
ስማያት-ምድሪ ምእኻል ስኢኒዋ
ንልበይ መሪጻ ገይራቶ ሰፈራ

ንዓመታት’ንድያ ተዓጺፋ
ሕጂ ግን ንጸላእታ ደማሲሳ
ደሮና 30 ዓመት ነጊፋ
ኣብታ ዘንጊ ሓቂ ተሰቒላ
ድሮ’ኳ 20 ዓመት ገይራ
ምስ ዓለማ ተሰሪዓ ተሰሊፋ

እነሆት ኣብቲ ጎዶና ኣንበሳ
ከም ወርሒ ትደምቕ መመሊሳ
እተን ካልኦት ክረማመሳ
ድምቀት ሕብረን ተበሊሉ ከሃሳ
እንተ ንሳ መሊሳ ተሓዲሳ
እነሆ’ንዶ ነጊሳ ንህዝባ ደቢሳ
እቲ ኣንበስ ህዝባ ወዲ ቆላ-ከበሳ
ንምሸቱስ ሰቒልዋ ኣብቲ ጎደና ኣንበሳ
ብዘይስክፍታ ጥንቅልዒት ደቂሳ
ጅግንነት ቀዳሞት ኣውሪሳ
ምልክት ሰላማ’ዩ ኣኽቲሙ ኣበሳ

በል-በል-በል በቃ ከባቢኣ ተቖጻጺራቶ
የማና ጸጋማ ግርማ ኣልቢሳቶ
ንዓኺ ዝሃንደሰስ ከምይ ድሓን ይእቶ!

ትንግርት’ዶ ኣጋጣሚ ኮይኑላ
ጎደና ኣንበሳ’ዩ ተመሪጹላ
ዘይገድፍዋ ከተንበልብል ንምንታይ ይቐንኡላ
ዓለም’ውን ትጉባዕብዕ ከምኣመላ
ገለድማ ባባ ተሓዝልካስ ክንዲዚ ጃህራ
ሽንጥሮ ዘየሳግር ዳንጋ ተለቒሕካ ፈኸራ
ኣብኣ ትደዮ ጽንጽያ ዓይና ዘንፍረላ

ግደፍ’ዶ ንሳ ዋጋ’ቶም ብሉጻት
ዋጋ’ቲ ኣንበሳ ‘ታወዕሮ ሓየት
መንዳኛ’ለዋ ከምድልየታ ተኾነት
ከምድልየትኪ ኩኒ
ዝብል ህዝቢ ሒዛ
ተንበልብል ኣብ ገዛእ ሰማያታ፣ ከምድላያ
በልበል በልሉ ተፈስሂ
‘ቲጅግንነት ‘ቲጽንዓት ኣብ ቦትኡ’ዩ ዘሎ
ንስሌኺ ‘ናተወራረሰ ናብ ወለዶታት ዝዛሪ
‘ታክብርቲ ሂወቱ ዝውፊ
መታን ንዘልኣለም ተሓፊርኪ ክትነብሪ

ንስሌኺ’ንድዩ
ን30 ዓመት ደም ጀጋኑ ዛሪዩ
ንእስነቱ ኣብ በረኻ ኣብልዩ
ማሕውሩ ተሰባቢሩ
መትንታት ደሙ ተበጣጢሱ
ሕብሪ ገጾም ንዓመታት ተደዊኑ
ዓድታቱ ተደምሲሱ ፈቖድኡ ተበቲኑ
ኣዕጽምቱ ኣብ በረኻታት ተዘርዩ
ተሰዊኡ፣ ክብሪቲ ሂወቱ በጅዩ

ስለዚ ግደፍ’ዶ ሎሚ ደልዲላ ረጊጻ
ቀደም ነይተጻዕደት ብንኡሳ
ንዓለም ኣሕይኻታ’ንድያ መልሓሳ
እዝጊ ኣስመዓና ብኣንክሮ ክውድሳ
ብነብሳ ኣብ ነብሳ ተሞርኵሳ
ወጺኣቶ’ንድያ ንኹሉ ሓንቢሳ
ጸላእታ ደማሲሳ፣ ሰላማ ኣንጊሳ

ካብ ትቀብሮ ‘ትጸልማት ደልሃመት
ኣብ መስመራ ተኺላ ተተይ እናበለት
እነሆ’ኳ ኣቑጺራ 20 ዓመት
ካብ ራኢኣ ከይተመዛበለት
ብጽንዓታ ሓሊፋቶ ትሰግለለት
ተወሪሱዩ ‘ትጅግንነት ተነጺፉ’ዩ ‘ትመሰረት
ትራኣየኒ’ላ ‘ታብርሃን መስትርሆት
ከም ቀደምና ጽንዓት ኢና ንሕተት
ጽምም ንሓንቲ ስጉሚ-ሓንቲ እመት
ናብቲ ምሉእ ሓርነት
ዓንቢባ’ንድያ ዝነህት
እነሆ’ንዶ ሸሻያ ይግንፍል ዓመት ዓመት
ክትኮነልና’ንድያ ምድረ-ወርቂ-ገነት
ምልእ-ፍስስ ክብል’ዩ እቲ ምድሪቤት
ንዓመታ ኣብቲ ኣውደ-ኣመት!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ
ዮሃና ንኩሉ ኤርትራዊ
እንቛዕ ንመበል 20 ዓመት ጽንብል ንናጽነት ኣብጻሓና!
መኮነን ዓንተራይ (Mekonen Anteray) ለንደን
15/05/2011